ገበን

ግዝያዊ መምርሒ ስርዓት ምሕደራን ኣወፋፍራ ስራሕን ዳይና፣ ሬጅስትራር፣ ተሸያሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ

ቁፅሪ 1/2016

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ

## መእተዊ

ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ኣብ ትግራይ ንዝተኸፈተ ኲናት ንምምካት ህዝቢ ትግራይ ከም ህዝቢ ሰራሕተኛ መንግስቲ ሓዊሱ ኣብ መኸተ ተሰሊፎም ኣብ ከቢድ ፀገም ከም ዝፀንሑ ዝፍለጥ እዩ። ነዚ ብሰላማውን ዘላቕን ብሕገ-መንግስታዊ መንገዲ ንምፍታሕ መንግስቲ ኢትዮጵያን መሪሕነት መንግስቲ ትግራይን ኣብ ምርድዳእ በፂሖም ስምምዕነት ፕሪቶርያን ናይሮቢን ተፈራሪሞም እዮም። በቲ ብዘላቕነት ተኹሲ ጠጠው ናይ ምባል ስምምዕነት መሰረት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ናብ ንቡር ስርሐን ክምለሳ መምርሒ ስለዘውረደን ሕዚ ናብ ስሩዕ ስራሕ ንምምላስ መሰጋገሪ መምርሒ ምውፃእ ኣድላዪ ስለዝኾነ፡

ቤት ፍርዲ ድማ ከም ሓደ ናይ መንግስቲ ኣካል ብሙሉእነት ናብ ንቡር ስራሕ ክምለስ ኣብ ምስራሕ ስለዝርከብ ኣብ መኸተ /ማንባርን ደጀንን/ ካብ ስራሕ ቦታ ተመዛቢሎም ምስ ሰድርኦም ወይ ከኣ ኣብ መዕቆቢ ተመዛበልቲ ዝርከቡን ኣብ ትምህርቲ ዝፀንሑን ናብ ንቡር ስርሖም ክምለሱ ንምግባርን ናብ ስራሕ ኣብ ዝምለሱሉ እዋን ውፅኢታውን ፍትሓውን ስርዓት ምሕደራን ኣወፋፍራን ምዝርጋሕ ዘለዎ እጃም ብምግንዛብ፡

ብኻልእ መዳይ ድማ ምስቲ ዘለናዮ ኩነታት ተታሓሒዙ ዝተወሰኑ ውሳኔታትን ዝተወሰዱ ስጉምቲታትን ስለ ዘለዉ ክለዓል ዝኽእል ሕቶ ሕጋዊ መልሲ ምሃብ፡ ኣብ ኣዋህባ ግልጋሎት ቤት ፍርዲ ማሕንቆ ዝተባህለ መፍትሒ ምቕማጥ ኣድላዪ ኮይኑ ስለዝተረኸበ፡

ብመሰረት ኣወዳድባ ስልጣንን ተግባርን ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 333/2012 ዓንቀፅ 25 መሰረት እዚ ግዝያዊ መምርሒ ስርዓት ምሕደራን ኣወፋፍራ ሰራሕተን ዳያኑ፡ ሬጅስትራራትን ተሸየምቲ ጉባኤን ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ቁፅሪ 1/2016 ዓ/ም ተዳልዩ ኣሎ።

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ

## ክፍሊ ሓደ

## ሓፈሻዊ ድንጋገታት

**ዓንቀፅ ፩- ሓጺር ርእሲ**

እዚ ጊዝያዊ መምርሒ "ስርዓት ምሕደራን ኣወፋፍራ ስራሕን ዳያኑ፣ ሬጅስትራራት፣ ተሸየምቲ ጉባኤን ሓለፍቲ ቤት ፅሕፈትን ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ቁፅሪ 1/2016 ዓ/ም" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

**ዓንቀፅ ፪- ትርጉም**

ኣገባብ እቲ ቃል ካልእ ትርጉም ዘወሃብ እንተዘይኮይኑ ኣብዚ መምርሒ፡

1.**ቤት ፍርዲ-** ማለት ወረዳ፣ ማእኸላይን ላዕለዋይን ኣብያተ-ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።

2.**ፕሬዝደንት-** ማለት ፕሬዝደንትን ምክ/ፕሬዝደንትን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ፣ ፕሬዝደንትን ምክ/ፕሬዝደንትን ማእኸላይ ቤት ፍርዲን ፕሬዝደንት ወረዳ ቤት ፍርዲን ዘካትት እዩ።

3.**ኣዋጅ-** ማለት ኣወዳድባ፣ ስልጣንን ተግባርን ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 333/2012 እዩ።

4.**ደንቢ-** ማለት ተመሓይሹ ዝወፀ መተሓዳደሪ ደንቢ ዳያኑ፣ ሬጅስትራራትን ተሸየምቲ ጉባኤን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቑፅሪ…/2012 እዩ።

5.**ዳይና-** ማለት ብጉባኤ ተሓርዩ ኣብ ቤት ፍርዲ ብዳይንነት ንኽሰርሕ ብቤት ምኽሪ ሹመቱ ዝፀደቐሉ በዓል ሞያ ሕጊ እዩ።

6.**ሕፁይ ዳይና-** ማለት ብጉባኤ ንዳይንነት ተሓርዩ ብቤት ምኽሪ ክሳብ ዝሽየም ብግዝያውነት ኣብ ቤት ፍርዲ ተመዲቡ ብሓገዝ ዝሰርሕ በዓል ሞያ ሕጊ እዩ።

7.**ሬጅስትራር-** ማለት ብጉባኤ ተሓርዩ ኣብ ቤት ፍርዲ ብሬጅስትራርነት ንኽሰርሕ ብቤት ምኽሪ ሹመቱ ዝፀደቐሉ በዓል ሞያ ማሕበራዊ ሳይንስ እዩ።

**8.ሕፁይ ሬጅስትራር-** ማለት ብቕዓቱ፣ ብተባእ ተኣማንነት ብቤት ምኽሪ ክሳብ ዝሽየም ኣብ ቤት ፍርዲ ብስራሕ ሬጅስትራርነት ተመዲቡ ዝሰርሕ በዓል ሞያ ማሕበራዊ ሳይንስ ወይ ምሩቕ ሕጊ እዩ።

**9.ምግዳል-** ማለት ክልልና ገጢምዋ ኣብ ዝነበረ ኲናትን ወራርን ኣብ ሰራዊት ትግራይ ተጠርኒፉ ንሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ንምውሓስ ዝተፈፀመ ግቡእ ወይ ግልጋሎት እዩ።

**10.ተጋዳላይ-** ማለት ኣብ ክልልና ድሕሪ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ዝተፈፀመ ወራር ንምምካት ኣብ ሰራዊት ትግራይ ተጠርኒፉ ኣብ ምግዳል ግቡኡ እናፈፀመ ሂወቱ ብሕጋዊ ስንብት ዝተመለሰ፣ ወይ ናብ ካልእ ስራሕ ዝተደልደለ ወይ ኣብ ሰራዊት ትግራይ ዝርከብ እዩ።

**11.ደጀን-** ማለት ክልልና ገጢምዋ ኣብ ዝነበረ ኲናትን ወራርን ኣብ ዉሽጢ ሀላኡን ሓራ ኣብ ዝወፃን ከባቢታት ምስ መንግስትን ሰራዊትን ትግራይ ተኣሳሲሩ ንህልዉናን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ኢሉ ግቡእ ዝፍፀመሉ ከባቢ እዩ።

**12.መኸተ-** ማለት ትግራይ ካብ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ጀሚሩ ብዝነበረ ወራር ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ንምውሓስ ኣብ ግንባርን ደጀን ዝተፈፀመ ኣስተዋፅኦ ኮይኑ ኣብ ቤት ፍርዲ ዝተዉሃበ ግልጋሎት እውን ዝሓዉስ እዩ።

13.ከቢድ ጉድኣት-ማለት ብኲናት ወይ ተፈጥሮኣዊ ኩነታት ዓይኒ፣ እዝኒ፣ እግሩን ኢዱን ዝሰኣነን ምስኡ ተመሳሳሊነት ዘለዎም ካልኦት ጉድኣታት ዝበፅሖን ኮይኑ ብሓጋዚ ሰራሕተኛ ዝሰርሕ ወይ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ስሩዕ ስራሕ ክሰርሕ ዘይኽእል ምዃኑ ብመረዳእታ ሕክምና ዝተረጋገፀ።

**14.ቀሊል ጉድኣት-** ማለት ኣብ ዝኾነ ይኹን ብኲናት ወይ ብተፈጥሮኣዊ ኩነታት ኣካላ ጉድኣት በፂሕዎ ብኽፋል ስሩዕ ስራሕ ክሰርሕ ከም ዘይኽእል ብመረዳእታ ሕክምና ዝተረጋገፀ እዩ።

**15.መረዳእታ ሕክምና-** ማለት ኣብዚ ክልል ወይ ኣብ ዉሽጢ ዓዲ ወይ ኣብ ወፃኢ ዓዲ እግባብ ካብ ዘለዎ ወይ ሕጋዊ ፍቓድ ካብ ዘለዎ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካል ጥዕና ዝዉሃብ ወይ ትኽክል ምዃኑ መረጋገፂ መረዳእታ እግባብ ካብ ዘለዎ ትካል ጥዕና ዝረጋገፀ፣ ወይ ብዛዕባ ጥዕናን ፍቓድ ሕማምን ሰራሕተኛ መንግስቲ ዝወሃብ መረዳእታ እዩ።

**16.ጥቕማ ጥቕሚ-** ማለት ብሕጊ ተፈልዩ ንዳየኑ፣ ሬጅስትራራትን ተሸየምቲ ጉባኤን ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ብመሰረት መምርሒ መሃየን ጥቕማጥቕሚን ቁፅሪ 19/2012 ዝወሃብ ጥቕማ ጥቕሚ እዩ።

**17.ስራሕ ልምዲ-** ማለት ሕጋዊ ኣፍልጦ ካብ ዘለዎም ዉልቀ፣ መንግስታዊ፣ መንግስታዊ ዘይኮኑን ዓለምለኻዊ ትካላትን ዉሽጢ ተቖፂሩ ዝሰርሕ ሰራሕተኛ በቢ ወርሑ መሃያ እናተኸፈሎ



ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ

ብመስርሓይ ትካል ኣብ ስሩዕ ናይ ስራሕ ሰዓት እናሰርሐ መሃያ ከም ዝኽፈሎ ዝገልፅ መረዳእታ እዩ። ኮይኑ ግና ንዚ እዋን ካብ ጥቅምቲ 2013 ጀሚሩ ኣብ ግንባርን ደጀንን ናይ ዝፀንሐ እዋን ዝገልፅ ዝኾነ መረዳእታ እንተቐሪቡ ከም ስራሕ ልምዲ ይተሓዝ።

**ዓንቀፅ ፫- ኣገላልፃ ፆታ**

ኣብዚ መምርሒ ብተባዕታይ ፆታ ዝተገለፀ ንኣንስታይ ፆታ እውን ዝምልከት እዩ።

**ዓንቀፅ ፬- ወሰን ተፈፃምነት**

እዚ መምርሒ ኣብ ልዕሊ ዳይና፣ ሬጅስትራር፣ ተሸየምቲ ጉባኤ፣ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲን ሓለፍቲ ኣብያተ ፅሕፈት ማእኸላይ ኣብያተ ፍርዲን ክልል ትግራይ ተፈፃሚ ይኸውን፡፡

**ዓንቀፅ ፭- ዕላማ እዚ መምርሒ**

1/ ኣብ ትግራይ ብዝነበረ ኩናት ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ንምውሓስ ኣብ ግንባርን ደጀንን ኣብ መኸተ ክሳተፉ ዝፀንሑ ዳይና፣ ሬጅስትራርን ተሸየምቲ ጉባኤን ዘድሊ ኣፍልጦ ንምሃብ፣

2/ ኣብ ግዜ ኩናት ዝተወሰኑ ዉሳኔታት፣ ዝተፈፀሙ ሓላፍ ዘላፋትን ከምኡ እዉን ዘጋጠሙ ፀገማትን መስተኻኸሊ ስጉምቲታት ንምውሳድ፣

3/ ኣብ ምርግጋፅ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ግደ ኣብያተ ፍርዲ ዝዓበየ ስለዝኾነ ከም ኣካል መንግስቲ ድማ ዘድሊ ህዝባዊ ግልጋሎት ንምሃብ ምቹእ ናይ ስራሕ ሃዋህዉ ንምፍጣር ቅድመ ምድላዋት ንምውጋንን ናብ ስሩዕ ኣወሃህባ ግልጋሎት ንምእታዉን እዩ።

**ዓንቀፅ ፮- መትከላት**

1/ እዚ መምርሒ ኣፈፃፅምኡ ኣብ ግልፅነት፣ ማዕርነት፣ ተገማታይነት፣ብቕዓት፣ክእለትን ስርዓት ዉድድርን ዝተመስረተ ኮይኑ ምትብባዕ ዘድልዮ ብምትብባዕን ንዝተፈጠረ ናይ ስነ-ልቦና ጉድኣት ብዘኸሕስን መንገዲ ይፍፀም።

2/ ቤት ፍርዲ ሓቛፋይ መንገዲ ተኸቲሉ ስራሕን ሰራሕተኛን ኣራኺቡ መንፈስ መገልገላይነት ዉብዝፈጥር መንገዲ ዝፍፀም ይኸዉን።

3/ ኣብዚ መምርሒን ዝተቐመጡ መሰላትን ግቡኣትን፣ ክልልና ሐዚ ዘላቶ ነባራዊ ኩነታትን ትፅቢት ዝገበረ ትካላዊ ኣወሃህባ ግልጋሎትን ኣብ ግምት ብዘእተወ መልክዑ ዝትግበር ይኸዉን።

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ

## ክፍሊ-ክልተ

## ካብ ምግዳል፣ ደጀንን ካልኦት ቦታታትን ናብ ስሩዕ ስራሕ ምምላስ

### ዓንቀፅ ፩ - ካብ መኸተ ናብ ንቡር ስራሕ ምምላስ

ኣብ ምግዳል ዝነበረ ዳያና፣ ሬጅስትራር፣ ተሸያሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ከምኡ እውን ካብ ኣብያተ ፍርዲ ወፃኢ ኣብ ደጀን ስራሕቲ ዝተዋፈረ ናብ ስሩዕ ስራሕ ክምለስ ይግበር።

### ዓንቀፅ ፪- ብዝተፈላለየ ምኽንያት ካብ ስሩዕ ስራሕ ተፈልዩ ዝፀንሐ ምምላስ

ኣብዚ ሰለስተ ዓመት ኩናት ትግራይ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ካብ ስራሕ ቤት ፍርዲ ተፈልዩ ዝፀንሐ ናብ ስርሑ ዝምለስ ኮይኑ-

1/ ካብ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ 28 መስከረም 2016 ዓ/ም ብፍቓድ፣ ብስልጠና፣ ብሕክምና፣ ብናይ ቤት ፍርዲ ስራሕ፣ ወይ ብካልእ ስራሕ ኢጋጣሚ ካብ ትግራይ ወፂኡ ክይተመለሰ ዝኸደ መንገዲ ምስ ተኸፈተ ንዝመፀ፣ ወይ በቲ ብርኩ ብዝርከብ ፕሬዝደንት ዝረጋገፅ ካልእ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ብዝኾነ ምኽንያት ካብ ትግራይ ወፂኡ ዝተዓፀወ እንተኾይኑ ኩሉ ነገር ብምዕራይ ከምቲ ኣብ ስራሕ ዝፀንሐ ናብ ዝነበሮ ስራሕ ቦታ ብምምዳብ መሃያን ጥቕማጥቕምን ዝኽፈሎ ይኸውን፣ ልምዲ ስራሕ እውን ክተሓዘሉ ይግበር።

2/ ካብ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ 28 መስከረም 2016 ዓ/ም ብፍቓድ በቲ ብርኩ ዝርከብ ፕሬዝደንት ወይ ብኩናትን ወራርን ምኽንያት ኣብ ስራሕ ዘይነበረ፣ ወይ ብምኽንያት ቀጠባውን ማሕበራውን ፀገማት ህይወት ባዕሉ ወይ ስድርኡ ንምድሓን ናብ ቤት-ሰቡ ዝርከብሉ ከባቢ ተፀጊዑ ዝኸደ ንዝመፀ ናብ ስራሕ ክምለስ ይግበር። ልምዲ ስራሕ ይተሓዘሉ፣ መሃያን ጥቕማጥቕምን ከምቲ ኣብ ስራሕ ዝነበረ ይኽፈሎ።

3/ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ቁፅሪ ሀን ለን ዝተጠቐሰ ከም ዘሎ ኾይኑ ካብ 08 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም ክሳብ ሚያዝያ 01/2015 ዓ.ም ኣብ ዘሎ ግዜ ብዘይብቑዕ ምኽንያት ልዕሊ ሓደ ወርሒ ኣብ ስርሑ ዘይተረኸበ ዳይና ፣ሬጅስትራርን ተሸያሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን እንተኾይኑ በቲ ብርኩ ብዝርከብ ኣመራርሓ ካብ መሃይኡ ናይ ሓደ ወርሒ መሃያ ተቖሪፁ፥ቅድሚ ሚያዝያ 1/2015 ዓ.ም ዝነበረ ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ልዕሊ ሓደ ወርሒ ካብ ስራሕ ምትራፍ ካብ ሚያዝያ 01/2015 ዓ.ም ክሳብ መስከረም 28/2016 ዓ.ም ኣብ ዘሎ ግዜ እውን እንተቐፂሉ ድማ ናይ ክልተ ወርሒ መሃይኡ ተቖሪፁ ናብ ስርሑ ክምለስ ይግበር።



ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ

ካብ መስከረም 8/2014 ዓ.ም ክሳብ ሚያዝያ 01/2015 ዓ.ም ኣብ ዘሎ ግዜ ብዘይብቑዕ ምኽንያት ካብ ስራሕ ከይተረፈ፣ ድሒሩ ካብ ሚያዝያ 01/2015 ዓ.ም ክሳብ 28 መስከረም 2016 ዓ.ም ኣብ ዘሎ ግዜ ጥራሕ ብዘይብቑዕ ምኽንያት ልዕሊ ሓደ ወርሒ ካብ ስራሕ እንተተሪፉ ድማ ናይ ሓደ ወርሒ መሃያ ተቖሪጽዎ ናብ ስርሑ ይምለስ።

4/ ካብ ሕዳር 2013 ክሳብ ሰነ 2013 ዓ/ም ኣብ ዘሎ እዋን ምስ ዝነበረ ግዝያዊ ምምሕዳር ሽመት፡ ምደባን ካልኣት ምስ ሓላፍነት ዝተሓሓዙ ስራሕቲን ዝተቐበሉ ዳያኑ፡ ሬጅስትራርን ተሸየምቲ ጉባኤን ናይ ዝበን ይኹን ክሲ ጉድለት ስነ-ምግባር ኽሲ ይቕረበሎም ኣይቕረበሎም ብዘየገድስ ኣቐዲሞም ናብ ዝነበርዎ ሞያዊ ስርሖም ወይ ሓላፍነቶም ክምለሱ ይግበር።

5/ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ቁፅሪ /4/ ዝተጠቐሰ ዳይና፡ ሬጅስትራርን ተሸየሚ ጉባኤን መሃያን ጥቕማ ጥቕምን ዝምልከት በቲ ዝነበሮ ሓላፍነት ክረኽቦ ዝኽእል መሃያን ጥቕማ ጥቕምን ክኽፈሎ ይግበር።

6/ ዝኾነ ዳይና፡ ሬጅስትራርን ተሸየሚ ጉባኤን ተራ ዝበን ፈፂሙ ተባሂሉ ዝተኸሰሰ ብብርኪ ክልል ዝወፀ ናይ ምሕረት መምርሒ ዝሸፍኖ እንተኾይኑ ጉድለት ስነ-ምግባር ክሲ እውን ክቕርበሉ ኣይግባእን፡ ቀሪቡሉ እንተ ነይሩ ድማ ክቋረፅ ይግበር። ኣብቲ መምርሒ ምሕረት ዘይሸፍኖ እንተኾይኑ ድማ ጉድለት ስነ-ምግባር ክሲ ዝምልከት ብጉባኤ ተራእዩ መዕለቢ ክረክብ ይግበር።

ዓንቀፅ ፱- ናብ ስራሕ መምለሲ እዋን

1/ ንስምምዕነት ተኹሲ ብዘላቕነት ጠጠው ምባል ስዒቡ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ 28 መስከረም 2016 ዓ/ም ብዝገበሮ መፀዋዕታ ኩሉ ዳይና፡ሬጅስትራር፡ተሸየሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ናብ ስርሑ ክምለስ ዝግበኦ ኮይኑ ብድሕሪ መስከረም 28/2016 ዓ.ም ንዝሀለ ክሲ ብስሩዕ ሕጊ ዝምራሕ ዝኾን ይኸውን።

2/ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ -1- ዝተገለፀ ናብ ስራሕ መምለሲ ግዜ ኣብ ግንባር ንዝነበረ ተጋዳላይ እንተ ኾይኑ ስንብታ ካብ ዝተወሃበሉ ኣብ ውሽጢ 10 ናይ ስራሕ መዓልታት ሪፖርት ናይ ምግባር ግቡእ ተገይሩ ዝሕሰብ ይኸውን።

3/ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ግንባር ስራሕቲ ተዋፊሩ እናሰርሐ ዝርከብ ብናይ መንግስቲ ወሳኒ ቐልጢፉ ናብ ስራሕ ዝመፀሉ ኩነታት እንተ ዘይሃልዩ ነቲ ንሱ ዝሰርሖ ስራሕ ብካልኣት ክሸፈን እንዳ ተገበረ ነቲ ስራሕተኛ ዝግበኦ ረብሓ ክረክብ ይግበር።

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ

## ዓንቀፅ -፲ ናብ ስሩዕ ስራሕ ንዝምለስ ዝግበረሉ መተባብዒ

(፩) ኣብ ግንባርን ደጀንን ኣብ መኸተ ተዋፊሩ ዝፀንሐ ዳይና፣ ሬጅስትራርን ተሸየሚ ጉባኤን ናብ ስራሕ እንትምለስ፦

ሀ/ ኣብ ምግዳል ፀኒሑ ግቡኡ ወዲኡ ናብ ስራሕ እንትምለስ መሰነይታ ደብዳቤ ክህብ ካብ ዝኽእል ኣካል ስንብት ሒዙ እንትመፅእ ሒዙዎ ናብ ዝነበረ ስራሕ መደብ ክምለስ ብምግባር፣ ንመተባብዒ ኣብ ዝነበሮ መሃያ ንንኢ 2ተ ብርኪ ስርርዕ ስራሕ ይወሰኸ።

ለ/ በዚ ዓንቀፅ ንኡስ -1- ኣብ ዝግበር ወሰኽ ብርኪ ስርርዕ ናይ መወዳእታ ብርኪ ስርርዕ ንዝበፅሐ ወይ ብርኪ ስርርዕ ዘይተጠምቶ ስራሕ መደብ እንተኾይኑ ድማ ብመሰረት መምርሒ ቁፅሪ ቁፅሪ 19/2012 ካብቲ ናይ መወዳእታ ብርኪ ስርርዕ ቀፂሉ ዝርከብ 2ተ ብርኪ ስርርዕ ዝጠልቦ መጠን ክፍሊት ናብ ቅርሺ ተቐይሩ ምስ ሒዚ ዝረኽቦ መሃይኡ ተወሲኹ ክኽፈል ብምግባር ወይ ድማ ባጀት ኣብ ዘተረኽበሉ ዝኽፈል ናይ ክልተ ወርሒ ዘይተሃረየ መሃይኡ ክኽፈል ብምግባር ይበረታታዕ።

ሐ/ ካብ ምግዳል ብዘተፈላለየ ምኽንያት ዘቑሰለ ዳይና፣ ሬጅስትራርን ተሸየሚ ጉባኤን ናብ ዝነበሮ መደብ ስራሕ ክምለስ ብምግባር ካልኦት መተባብዕታት ድማ ከምቲ ኣብ ስራሕ ዝፀንሐ ተጠቃሚ ይኾኑ።

(፪) ብስሩዕ ሕጊ ብምኽንያት ኣገልግሎት ዝወሃብ ወሰኽ ብርኪ ስርርዕ ከምዘሎ ኮይኑ ካብ ዓቕሚ ንንቕብ ብዘኾኑ ምኽንያት ዝተቛረፁ ስራሕቲ ሕልዋት ኮይኖም በቤ.ብርኮ ብዝርከብ ኣመራርሓ ቤት ፍርዲ ዝውሰን ላዕ/ቤት ፍርዲ ብዝገበሮ ናይ ስራሕ ግምገማ መሰረት ብዘይምቁርራፅ ካብ 08 መስከረም 2014 ክሳብ 23 ጥቅምቲ 2015 ዓ/ም ኣብ ስራሕ ዝፀንሑ ዳይና፣ ሬጅስትራርን፣ ተሸየሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ምትብባዕ ዝምልከት፣

ሀ/ ኣብ ስራሕ ዝፀንሑሉ እዋን ኣካል ቃልሲ ተጊሩ ዝሕሰብ ኮይኑ በቤ.ብርኮ ብዝርከብ ፕረዚደንት እናተረጋገፀ 1/ሓደ/ ብርኪ ስርርዕ ንንኢ መተባብዒ ተወሲኹዎ ስርሑ ክቕፅል ይግበር።

ለ/ በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ/ሀ/ ዝግበር ወሰኽ ብርኪ ስርርዕ ኣብ ናይ መወዳእታ ብርኪ ስርርዕ ንዝበፅሐ ወይ ዘይተጠምቶ ስራሕ መደብ እንተኾይኑ ድማ ብመሰረት መምርሒ ቁፅሪ ቁፅሪ 19/2012 ካብቲ ናይ መወዳእታ ብርኪ ስርርዕ ቀፂሉ ዝርከብ ሓደ ብርኪ ስርርዕ ዝጠልቦ መጠን ክፍሊት ናብ ቅርሺ ተቐይሩ ምስ ሒዚ ዝረኽቦ መሃይኡ ተወሲኹ ክኽፈል ብምግባር ወይ ድማ ባጀት ኣብ ዘተረኽበሉ ዝኽፈል ናይ ሓደ ወርሒ ዘይተሃረየ መሃይኡ ክኽፈል ብምግባር ይበረታታዕ፡፡



ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ
ክልል ትግራይ

### ዓንቀፅ ፲፭ - ፍሉይ መተባብዒ ዘድልዮም ኣካላት

1/ ብኽልል ሕጊ ንኣካል ጉድኣት፡ ትሑት ተዋፅኦ ዘለዎም ብሄራትን ደቂ ኣንስትዮን ዝወሃብ መተባብዒ ከም ዘሎ ኮይኑ፡ ካብ ጥቅምቲ 24/2013 ዓ/ም ጀሚሩ ሃለዋትን ደሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ንምውሓስ ኣብ ዝተፈላለዩ ግንባራት ኣብ ምንዳል ዝነበረ ኣካል ጉዱእ፡ ትሑት ተዋፅኦ ዘለዎም ብሄራትን ደቂ ኣንስትዮን ኣብ ዝግበሩ ወድድራት ስራሕ መሕለፊ ነጥቢ ዝረኸበ እንተኾይኑ ንደቂ ኣንስትዮ $\frac{5}{10}$ ነጥቢ ንደቂ ተባዕትዮ $\frac{3}{5}$ ነጥቢ ዝወሰኽ ይኸውን።

2/ መሕለፊ ነጥቢ ኣብ ዘይብልሉ ወድድራት ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ /ሀ/ ዝተገለፀ መተባብዒ ነጥቢ ተደሚሩ ዝወዳደር ይኸውን።

### ዓንቀፅ ፲፮ - ኣከፋፍላ መሃያን ጥቕማ ጥቕምን

1/ ኣብ ክልልና ብዘጋጠመ ኩናትን ዕፀዋን ከባን ናይ ዳይና፡ ሬጅስትራር፡ ተሸየሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ወርሓዊ መሃየኦም ካብ ዝተቛረፀሉ ግዜ ጀሚሩ ዝኸፈል ይኸውን።

2/ ኣብ ዞባ ምዕራብን ካልኦት ሓራ ዘይወፃ ከባቢታት ዝተመደቡ ክሳብ ከባቢኦም ሓራ ወፂኡ ናብ ንቡር ቦትኦም ዝምለሱ ናይ ሕሉፍ ይኹን ናይ ቐፃሊ ዘይተኸፈሎም መሃይ ይኹን ካልእ ጥቕማ ጥቕሚ ናይ ዞባ ምዕራብ ብላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ናይ ካልኦት ድማ ብቢ ዝምልከቶ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣቢሉ ክፍሊት ይፍፀም።

3/ ኣብ ግንባርን ደጀንን ኣብ መኸተ ፀረ ወራሪ ናይ ጥሮታ ዕድመ ዝሓለፎ ወይ ዝኣኸሎ እንተጋጥም ካብቲ ንጥሮታ ዕድመኡ ዘመልእሉ ዕለት፡ ወርሒን ዓመት ምህረትን ጀሚሩ ሓዘ እቲ ቅጥዒ ተመሊኡ ክለኣኽሉ ይግበር። ትድሚ ናይ ጥሮታ መወዓእ ዘሎ ግዜ ድማ ኣብ ስራሕ ምስ ዝፀንሐ ዝክፈሎ መሃያን ጥቕማ ጥቕምን ኣካል ኮይኑ ይተኣናገድ።

4/ ዝኾኑ ዳይና፡ ሬጅስትራር፡ ተሸየሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ካብ ቤት ፍርዲ ለቒቑ ዝርከብ እንተኾይኑ ክሳብ ካብ ስራሕ ዝለቐቐሉ ግዜ መሃያን ጥቕማጥቕምን ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።

### ዓንቀፅ ፲፯ - ብርኪ ስርርዕ

ብመሰረት ኣብ ስራሕ ዘሎ ደንቢን መምርሒን ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስራሕ ስለዘይተመልአ ብርኪ ስርርዕ ንምቕማጥ ኣፀጋሚ ስለዝኾነ በቲ ደንብን መምርሒን ክበፅሖ ናብ ዝግባእ ዝነበረ ብርኪ ስርርዕ ስራሕ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስራሕ ኣብ ግምት ከይኣተወ በቶም ኻልኦት ረቛሒታት ብርኪ ስርርዕ ስሩዕ ሕጊ ተመሪኑ ክስራዕ ብምግባር መሃይ ክኽፈሎ ይግበር።

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ

**ዓንቀፅ ፲፬ - ምፍቃድ ክፍሊት ዝተፈላለዩ ዓይነት ጥቕማ ጥቕሚ**

1/ ብመሰረት መምርሒ መሃየን ጥቕማ ጥቕምን ቁፅሪ 19/2012 ዝኾነ ዓይነት ጥቕማ ጥቕሚ ክፍሊት ክፍፀም ይግበር።

2/ ቆላ ኣበል ኽፍሊት ዝምልከት ብመንግስቲ ናይ ቆላ ኣበል ኽፍሊት ክፍዐመለን ኣብ ዝተነፀረ ከባቢታት ዝተመደበ ዳይና፣ ረጂስትራርን ተሸየሚ ጉባኤን ኣብ ዝሃለወ ይሃልዉ ክፍሊት ቆላ ኣበል ክፍፀመሉ ይግበር።

**ዓንቀፅ ፲፭ - ምኽባር መሰል ማሕበራዊ ዉሕስናን ስርዓት ክፍሊት ጥሮታን**

1/ ኣብ ምግዳል ከይዱ ዝተሰዉአ ዳይና፣ ረጂስትራር፣ ተሸየሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ቕድሚ መስዋእቲ ብመርድኢ ግልጺ ምግባሩ ዝነበረ እዋን ኣብ ስራሕ ምስ ዝነበረ መሃየን ጥቕማ ጥቕምን ክረክብ ይግበር። መስዋእቲ ካብ ዘተፈለጠሉ ዕለት ጀሚሩ ድማ ብመሰረት እቲ ደንቢ ዓንቀፅ 36/3/ ዝተኣናገደ ይኸዉን።

2/ ካብ ምግዳል ወፃኢ ዘይዉቱ ዝሓሰረ ዳይና፣ ረጂስትራርን ተሸየሚ ጉባኤን ዝምልከት ቕድሚ ዘይዉቱ ምሕላፉ ዝነበረ እዋን ኣብ ስራሕ ከም ዘሎ ይተኣናገድ። ዘይዉቱ ካብ ዝሓለፈሉ ግዘ ጀሚሩ ድማ ብመሰረት እቲ ደንቢ ዓንቀፅ 36/3/ ዝተኣናገደ ይኸዉን።

3/ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ -1-ን 2 ን ዝተገለፀ ዋላ እንተ ሃለወ ግዚያዊ ምምሕዳር ወይ መንግስቲ ክልል ትግራይ ዘውፅኦ መምርሒ ዝያዳ ንዘዓል መሰል ዝጠቅም ኮይኑ እንተ ተረኺቡ ተፈፃሚ ይኸዉን።

**ዓንቀፅ ፲፮ - ክቢድ ጉድኣት ዝበፅሖ ተጋዳላይ**

ናብ ምግዳል ካብ ዝኸደ ኣካሉ ብሙሉእ ዝተጎድአ ወይ ዝለመሰ እንተሃልዩ ሕቶ ስንብት ሓዊሱ ካልእ መሰላን ኣመልኪቱ ብመሰረት እቲ ደንቢ ዓንቀፅ 36/1/ን/2ን ዝተኣናገደ ይኸዉን።

**ዓንቀፅ ፲፯ - ስርዓት ምደባን ዝዉዉርን**

1/ ኣብ ምግዳል ብኺሉ ክቢድ ኣካል ጉድኣት ዝበፅሖ ወይ ኣብ ሕክምና ክትትል ዝርከብ ተጋዳላይ ዳይና፣ ረጂስትራር፣ ተሸየሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ኣብ መንጎኦም ብዝግበር ውድድር እቲ ቦታ ዝጠልቦ ሓይሊ ሰብ መሰረት ብምግባር ክምደብ ይግበር።

2/ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ /1/ ዝተገለፀ ተጋዳላይ ሓጋዚ ዘድልዮ እንተኾይኑ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ሓጋዚ መዲቡ ስርሑ ክቕፅል ይገብር።

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ
ክልል ትግራይ

3/ ሓዱሽ ተመዳቢ ክቢድ ኣካል ጉድኣት ዝበፅሖ ወይ ኣብ ሕክምና ክትትል ዝርከብ እንተጋጥም ድማ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ-/1/ን /2/ን ብዝተቐመጠ መሰረት ዝተኣናገደ ይኸውን።

**ዓንቀፅ ፲፰ - ኣተሓሕዛ ስራሕ ልምዲ**

ካብ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ጀሚሩ ኣብ ምምዳል ፀኒሑ ግቡኡ ወዲኡ ናብ ዝነበሮ ስራሕ ዝተመለሰ እቲ ኣብ ምምዳል ዝፀንሐሉ ዕለት፡ ወርሕን ዓመትን ልክዕ ቅድሚ ምምዳሉ ናይ ዝሰርሖሉ ብዝነበረ ስራሕ መደብ መፀዊኡ ይሰርሕ ከም ዝነበረ ተሓሲቡ ክተሓሰበሉ ይግበር።

**ዓንቀፅ ፲፱ - ማህደር ምምላእ**

1/ ማህደር ብኸፊል ወይ ብሙሉእ ብዝበፅሖ ኩናት ምኽንያት ናብ ኩሉን ኣብያተ ፍርዲ ተባሂሉ ብዝግለፅ መልክዑ ዝበረሰ ስለዝኾነ ዘድሊ ምፅራይ እናተገበረ ብቐፃምነት ኩሉ ዳይና፡ ሬጅስትራር፡ ተሸየምቲ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ኣብ ኢዱ ዘሎ መረዳእታ ክተሓሕዝን ክማልእን ብምልክታ ብምፍላጥ ኣብ ዝሰርሓሉ ቤት ፍርዲ እናተወርነፈ ብማእኸላይ ኣብያተ ፍርዲ ተጠሪፉ ናብ ጉባኤ ክለኣኽ ይግበር።

2/ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ-1 ክርከብ እንተዘይተኻእለ እቲ ዳይና፡ ሬጅስትራርን ተሸየምቲ ጉባኤን ቅድሚ ኣብ ቤት ፍርዲ ምቑፃሩ ኣብ ካልእ ትካል ይሰርሕ እንተ ነይሩ ኣበይ ትካል ይሰርሕ ከም ዝነበረን ክለኣኽ ዘድሊ መረዳእታን ብምንፃርን ብምጥማርን ብጉባኤ ኣቢሉ ክሕተተሉ ይግበር። ካብቲ ትካል ዝተገናዘበ መረዳእታ ብምምላእ ሓዱሽ ማህደር ይኽፈተሉ።

3/ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 ን 2 ን እዚ መረዳእታ ክርከብ ዘይኽኣለ ድማ ናይቲ ዳይና፡ ሬጅስትራር ወይ ተሸየምቲ ጉባኤ ናይ ትምህርቲ መረዳእታ ካብ ዝተምሃረሉ ትካል ተገናዚቡ ክለኣኽ ብጉባኤ ኣቢሉ ክቐርብ ምስተገበረ ሓዱሽ ማህደር ክኽፈተሉ ይግበር።

4/ ናይ ትምህርቲ ይኹን ካልእ መረዳእታ ዘይተረኸበሉ ድማ ጉባኤ ውሳነ ክህበሉ ይግበር።

**ዓንቀፅ ፳ - ዓመታዊ ዕረፍቲ**

1/ ኣብ 2013 ዓ/ምን 2014 ዓ/ምን ብዘጋጠመ ኩናት ምኽንያት ኣብ ደጀን ግንባርን ዝፀንሑ ተጋዳላይ ዳይና፡ ሬጅስትራር፡ ተሸየምቲ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ዓመታዊ ዕረፍቲ ስለዘይወሰዱ ብመሰረት እቲ ደንቢ ቁፅሪ---/2012 ዓንቀፅ-26/8/ን/9/ን በቢብርኩ ብዝርከቡ ፕሬዝደንትታት እናተረጋገፀ ናብ ገንዘብ ተቐይሩ ክኽፈል ይግበር።

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ
ክልል ትግራይ

2/ ኣብ ናይ 2015 ዓ.ም ክረምታዊ ስራሕቲ ኣብ ምግዳል ዝፀንሑ ተጋዳላይ ኣብ ስራሕ ክም ዝፀንሑን ክም ዘይኣዕረፉን ተሓሲቡ እቲ ናይ ዓመት ዕረፍቲ ብማእኸላይ ብገንዘብ ተፀብፂቡ ናይ ሓደ ወርሒ ዘይተግረየ ወርሓዊ መሃያኡ ይኽፈሎ።

3/ ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ከምዘሎ ኮይኑ ኣብ ምግዳል ዝፀንሑ ተጋዳላይ ናብ ስራሕ ኣብ ዝምለሰሉ እዋን ስራሕ ቅድሚ ምጅማሩ ናብ ምድብ ቦትኡ ሪፖርት ምስገበረ ናይ 30 መዓልታት ዕረፍቲ ንክረክብ በቢብርኩ ብዝርከብ ፕሬዝደንት ክፍቀደሉ ይግበር።

**ዓንቀፅ ፳፩ - ኣብ ትምህርቲ ፀኒሖም ዝተመረቑን ዘቋረፁን**

1/ ኣብ ትምህርቲ ፀኒሑ ዘቋረፀን ተመሪቑ ዝመፀን ናብ ዝነበሮ ብርኪ ስራሕ ክምደብ ይግበር።

2/ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ 1 ዝተገለፀ ትምህርቲ ኣቋሪፁ ዝመፀ ንክቕፀል ድሌት እንተሃልዩዎ ምስቲ ናይ ትምህርቲ ትካል ብምርድዳእ ክቕፀል ይግበር።

**ዓንቀፅ ፳፪ - ዝተጭበርበረ መረዳእታ**

1/ ናይ ሓሶት መረዳእታ ዘቕረበ ዳይና፣ ሬጅስትራር ፣ ተሸያሚ ጉባኤ ወይ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት እንተርኪቡ ካብ ዝኾነ ምደባ፣ ቖፀራ፣ ዝውውር፣ ብርኪ ዕቤትን ውድድርን ዝሰረዝ ኮይኑ ብገበኑን ጉድለት ስነ-ምግባርን ተሓታቲ ይኸውን።

2/ ዝተጭበርበረ መረዳእታ ከምዘሎ እናፈለጠ ኮነ ኢሉ ምደባ፣ ቖፀራ፣ ዝውውርን ዕቤትን ክፍፀም ዝገበረ ኣካል ብገበኑን ጉድለት ስነ-ምግባርን ተሓታቲ ይኸውን።

**ዓንቀፅ ፳፫ - ሓፈሻዊ ኣፈፃፅማ ኽፍሊት**

ኣብዚ ግዝያዊ መምርሒ ኣብ ዝተጠቐሱ ዋኒናት ኽፍሊት ዝምልከት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ በጀት ሓቲቱ ምስ ተፈቒዱ ዝፍፀም ይኸውን።

**ክፍሊ-ሰለስተ**

**ዝተፈላለዩ ድንጋገታት**

**ዓንቀፅ -፳፬ -መሰጋገሪ ድንጋገ**

ኣብዚ መምርሒ ንተጋደልቲ ዝተገበረ መተባብዒ ብካልእ ኣካል ንዝወሃብ መተባብዒ ዝትክእ ኣይኮነን።

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ

**ዓንቀፅ-፳፭ - ተፈፃምነት ዘይብሎም ሕግታትን ኣሰራርሓታትን**

ኣብዚ ግዝያዊ መምርሒ ኣብ ዝተሸፈኑ ዋኒናት ነዚ መምርሒ ዝፃባእ ዝኾነ መምርሒ፣ ዉሳነን ኣሰራርሓን ተፈፃምነት የብሉን።

**ዓንቀፅ-፳፮ - እዚ መምርሒ ኣብ ስራሕ ዝዉዕለሉ እዋን**

1.እዚ ግዝያዊ መምርሒ ካብ ዕለት 27/02/2016 ዓ.ም ጀሚሩ ዝፀንዕ ይኸውን፡፡

2.ተፈፃምነት እዚ ግዝያዊ መምርሒ ድማ ካብ ዕለት 01/08/2015 ዓ.ም ጀሚሩ ይኸዉን።

ዶ/ር ዐጋይ ብርሃን ገብረተኽለ

ኣካዪ ቢሮ ምምሕዳር ዳያን ክልል ትግራይ